## ርእሲ ዓንቀጽ

## እሞ ንሓዋሩ'ኸ'ድኣ ህዝቢ ኤርትራ እንታይ እንተገበረ'ዩ ዝሕሾ?

ካብ 1961 ዓ.ም. ጀሚሩ ክሳብ ሰብዓታት: ሓደ ክፋል ህዝቢ ኤርትራ: ብፍላይ ህዝቢ መታሕት: ብሰንኪ መንግስቲ ንጉስ ሃይለስላሴን: መንግስቲ ደርጊ ኢትዮጵያን ዘስዓቦ ግፍዕን ሕሰምን: ካብ ርብዒ ሚሊዮን ዘይውሕዱ ኤርትራውያን ንሃገር ሱዳን ክስደዱ ተገዲዶም። ኣብቲ 80% ካብ ሰማንያ ሚእቲ: ከተማታት ኤርትራ ብተ.ሓ.ኤ.ን ህ.ግ.ሓ.ኤ.ን "ነጻ" ውጺኤናሉ ዝነበራሉ እዋን: ማለት ካብ 1977 ክሳብ 1978 ህዝቢ ከበሳን: ብረቶም ደርብዮም ንስደት ዘምርሑን ተጋደልትን: ምስተወሰኹዎም: እቲ ቍጽሪ ስደተኛት ኤርትራውያን ኣብ ሱዳን: ካብ ፍርቂሚልዮን ንላዕሊ ኮይኑ። ጸኒሑ'ውን ካብ 40 ሽሕ ዘይውሕዱ ሰራዊት ሓርነት ተ.ሓ.ኤ.: ህ.ግ.ሓ.ኤ.ን ህ.ወ.ሓ.ት.ን ከማኡ'ውን ብሰንኪ መሪሕነት ተ.ሓ.ኤ.ን: ካብ ሜዳ ኤርትራ ተገዲዶም ንሱዳን ምስኣተው: እቲ ቍጽሪ ስደተኛታት እንደገና ዛይዱ።

ድሕሪ ነጻነት ድማ ብዙሓት ኤርትራውያን ብኣዲስ ኣበባ ኣቢሎም: ሃገሮም ገዲፎም ናብ ካልኦት ሃገራት ዓለም ክስደዱ ተገዲዶም። ኣብቲ ብዶባዊ ኵናት ዝጽዋዕ ትርጉም ዘይብሉ ኣህላቒ ኵናት ባዱመ ድማ: ካብ ሓደ ሚልዮን ዘይውሕዱ ኤርትራውያን: ካብ መነባብሮኦም ተዛናቢሎም ግዳይ ስደት ኮይኖም'ዮም። ሳዋ ተባሂሉ ካብ ዝጀመር ጥራይ'ውን: ማእለያ ዘይብሎም መንእሰያት ኤርትራውያን ንሱዳን ውሒዞም'ዮም። ክሳብ ሕጂ'ውን ይውሕዙ ኣለው። ብሕልፊ ኣብ 2006ን 2007 ዓ.ም. ጥራይ'ኳ ኣስታት 40 ሽሕ ዝኣኺሉ መንእሰያት: ካብ መዓስከር ሳዋ ሃሃዲሞም: ኣብ ሱዳን ውሒዞም'ዮም። ካብኣቶም ድማ ንሊብያን ንኤውሮጳን: ንደቡብ ኣፍሪቃን ክሰግሩ ክብሉ: ኣብ ምድረበዳ ሰሃራ: ብካምሲን ንፋስ ተቐቢሮምን: ኣብ ውቅያኖስን ባሕሪን ጥሒሎም ድማ: ቀለብ ዓሳታት ኮይኖም'ዮም። ገና'ውን እዚ ህልቀት'ዚ ይቕጽል ኣሎ።

ብድሕሪ ኵናት ባዱመ ጥራይ'ውን ንኢትዮጵያ ዝውሓዙን: ገና ዝውሕዙ ዘለውን: ካሳብ ሓደ ሚእቲ ሽሕ ዝኣኽሉ በጺሖም ኣለው። ገና'ውን እዚ ስደት'ዚ ይቕጽል ኣሎ። ኣብ ውሽጢ ኤርትራ ኣብ ኣብያተ ማእሰርትታት: ዝማስኑ ዘለው መንእሰያትን: ዓበይትን ድማ ማእለያ የብሎምን። ገና ጭቈና ክሳብ ዘሎ ድማ ኣዚ ማዕበል ስደትን ማእሰርትን ጠጠው ኣይብልንዩ። ስለዝኾነ ከኣ: ገና ማእለያ ዘይብሎም ዓበይትን መንእሰያትን: ንስደት የምርሑ ኣለው። እቲ ካብ ኩሉ ዘሕዝን ድማ: ካብ ድሕሪ ነጻነት ኤርትራ ጀሚሩ ክሳብ ሎሚ: እዚ መንግስቲ ህግዲፍ ክሳብ ዘሎ: ንሃገሩ ገጹ ክምለስ ዝሓስብ ኤርትራዊ ዋላ ሓደ የልቦን።

ሓደ ሓደ ተመራመርቲ ፖለቲካን ስነ-ኣእምራዊ መጽናዕትን: ርእይቶኦም ብዛዕባ ህዝቢ ኤርትራ ክህቡ ከለው ከምዚ ይብሉ:- "ህዝቢ ኤርትራ ኣብዚ እዋንዚ: ብግቡእ ናይ ህዝቢ ቈጸራ እንተዝግበረሉ ነይሩ: እቲ ዘሎ ህዝቢ ቈልዓ ሰበይትን ኣረገውትን ደማሚርካ: ሓደ ሚልዮን ክበጽሕ ኣይምከኣለን። እዚ ቈጸራ ህዝቢ ንኸይካየድ ከኣ: እቲ ኣብ ኤርትራ ዝገዝእ ዘሎ መንግስቲ: ሓሲቡዎ'ውን ኣይፈልጥን'ዩ"። መኽንያቱ ከኣ ነቲ ውዲት ኮነ ኢሉ ስለዝገብሮ ዘሎ እዩ" ይብሉ። ካብኡ ቀጺሎም ክትንትኑ ከለው:- "ኣብ ኤርትራ ረቂቕ ስነ-ኣእምራዊ ኵናት እዩ ዝካየድ ዘሎ። ኤርትራ ሓንቲ ላቦራቶሪ ወይ መፈተኒ ረቂቕ ኵናት ኮይናላ። ብኻልእ ኣዘራርባ ሚሊታሪ ኣውትሶርሲንግ: ወይከኣ ናይ መበል 21 ክፍለ-ዘመን ሓድሽን ረቂቕን ስነ-ኣእምራዊ ኵናት: ወይ ድማ ሳይኮሎጂካል ፋሺዝም ብግህዶ ዝካየደላ ዘሎ ሃገርያ" ይብሉ። እዚ ረቂቕ ሜላ ናይ ምጽናት ህዝቢ'ዚ ከኣ: ዓበይቲ መንግስታት: ንምንጪ ቍጠባ ንምቍጽጻር ኮነ ኢሎም: ብመደብ ዘካይዱዎ ዘለው ወፍሪ እዩ" ይብሉ። እዚ ኵናት'ዚ እቶም ደቂ ሃገር ክዓግቱዎ እንተዘይፈቲኖም: ማለት ዓጋቲ ዘይብሉ እንተድኣ ብኸምዚ ዝኸዶ ዘሎ ቀጺሉ: ይብሉ እቶም ተመራመርቲ: ሓደ እዋን እታ ሃገር ብዘይ ህዝቢ ጥራሓ ክተርፍ'ያ። እቲ ቍሩብ ዝተርፍ ህዝቢ ድማ: ብስነ-ኣእምራዊ ሕማም: ካብ ቍጽጽር ወጻኢ ክኸውን'ዩ። ካብኡ እቶም ናይ ቍጠባ ምንጪን ስትራተጂን ክውንኑ ዝደልዩ: ግሎባል ፕለየርስ ዝብሃሉ: ብቐሊሉ ዝከላኸሎም ስለዘይብሎም: ነቲ መሬት ክማስሑዎ ክፍትኑዩ" ይብሉ።

ኣሞ ህሉው ኩነታት ህዝቢ ኤርትራ: ከምዚ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሰ ካብ ኮነ: መፍትሒኡ ድኣ እንታይ እዩ? መንዮምከ ንሽግር ህዝቢ ኤርትራ ዝፈትሑዎ? ኣብ ውሽጢ ሃገር ዘሎ ህዝቢ

ኤርትራ? ኣብ ስደት ዘሎ ሓደ ክፋል ህዝቢ ኤርትራ? እከኣሎን ዋርሳይን: ሰራዊት ኤርትራ? ወይስ ህግዲፍ ባዕሉ?

እስከ ኣብዚ እዋን'ዚ ኣብ ከባቢ ቀርኒ ኣፍሪቃ ዝካየድ ዝቸነየ: ህዝባዊ ምልዓላት ንከታተል። ንኣብነት ኣብ ሃገር ኬንያ: ፕረሲደትን ነበር ኪባኪ: ካብቶም ኩኩዩ ዝብሃሉ ዓሌት ኬንያ: ብዝሖም ካብቲ ጠቕላላ ህዝቢ ኬንያ: ካብ 21% ንላዕሊ ዝኾኑ: ወኪሉ ንፕረሲደንትነት ንኽወዳደር ቀሪቡ። ከማኡ'ውን ካብቶም ሉዎ ዝብሃሉ ዓሌት ኬንያ: ብዝሖም ካብቲ ጠቕላላ ህዝቢ ኬንያ: ካብ 13% ንላዕሊ ዝኾኑ: ራይላ ኦዲንጋ ዝተባህለ ብሞያኡ ኢንጂነር ዝኾነ: ንፕረሲደንትነት ተወዳዲሩ። ኣብቲ ዝተኻየደ ምርጫ ግን እቲ ፕረሲደንት ነበር ኪባኪ: ኣንደገና ክምረጽ ስለዝደለየ: ናይ ምርጫ ወረቓቕቲ ብምዕማጽ: ዝያዳ ቍጽሪ ከምዘምጽኤ ኣውጁ። እቲ መወዳድርቱ ራይላ ኦዲንጋ ዝተባህለ ግን: ዓመጽ ተኻይዱ ኣሎ: እቲ ምርጫ ውዱቕ ኮይኑ ሓዲሽ ምርጫ ንኽግበር ንህዝቢ ኣፍሊጡ። ብድሕሪ'ዚ ኣብ መንጎዞም ክልተ ዓሌታት ክኩዩን ሉዎን ብዙሕ ደም ፈሲሱ። 300 ሰባት ሞይቶም ካብ ሓደ ሚእቲ ሽሕ ዝበዝሑ ከኣ ካብ መነባብሮኣኦም ተዘናቢሎም።እቶም ተዓዘብቲ ምርጫ ዝነበሩ'ውን: ኣብ ኣቈጻጽራ ናይ ምርጫ ወረቐት ዓመጽ ከምዝተኻየደ መስኪሮም። ስለ'ዚ እቲ ሽግር ከይተፈትሐ: ተንጠልጢሉ ድሕሪ ምጽናሕ: ሕጂ ግን እታ ናይ ወጻኢ ጒዳይ: መንግስቲ ኣሜሪካ ልኡኽ ዝኾነት ወይዘሮ ፍረዘር: ምስ ፕረሲደንት ኪባኪ ተመያይጣ: ምስ መወዳድርቱ ሕድገታት ገይሩ: ብሓባር ንኽመርሕ ስምምዕ ተኻይዱ ይብሃል ኣሎ። ኣብዚ ግን ኣንታይ ክንግንዘብ ንኽእል: ኣብ ሃገር ከንያ ህዝቢ እምቢ ንዓመጽ: እወ ንዲሞክራስያ ኢሉ: ደሙ ከፍስስ ርኢና። ኣብ ኤርትራኸ? ነቲ መንግስቲ ህግዲፍ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራ ዝፍጽሞ ዘሎ በደል: ይቃወሞዶ ኣሎ? ወይስ ኣሜን ኢሉ ይቕበሎ ኣሎ? ብዘይ ምቅዋምከ ለውጢ ባዕሉዶ ክመጽእ ይኽእል? ህዝቢ ኤርትራ'ኳ ንነጻነት ደሙ ኣፍሲሱ'ዩ ኣምጺኡዋ። ሕጂ'ውን ደሙ ከየፍሰሰ ንሓርነት ይኹን ዲሞክራሲያዊ ለውጢ: ካብ ካልኦት ሓይልታት ወይ መንግስታት ክመጾ ክጽበ የብሉን። ንኤርትራ ህዝባ'ዩ ዋንኣ። ንህዝቢ ኤርትራ ካብ'ዚ ወሪዱዎ ዘሎ ከድሕኖ ዝኽእል ከኣ: ባዕሉ ህዝቢ ኤርትራ ጥራይ እዩ። እምብኣር ኩሎም ደቂ 8 ኣውራጃታት ኤርትራ: ነዚ ኣብ ኬንያ ክካየድ ዝቸነየ ህዝባዊ ምንቅስቓስ ኣብነት ኮይኑዎም: ነቲ ኣብ ልዕሊኦም ዝወርድ ዘሎ ጭቁና: ንኽቕንጥጡ ሕጂ ኣብ ነብሶም ተኣማሚኖም: ክልዓሉ ኣሎዎም።

መርበብ ሓበሬታ ደቀባት ኤርትራ
10.01.2008 ዓ.ም